ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الارترية

**ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT**

## ብምኽንያት ግንቦት 28 መዓልቲ ዓወት ህዝብታት ኢትዮጵያ፡ ዝተዳለወ ናይ ምሕዝነትን ሓጎስን መግለጺ

ሎሚ ግንቦት 28፡ ፋሽሽታዊ ስርዓት መንግስቱ ሃይለማርያም ንመወዳእታ ጊዜ ዝተደምሰሰላን ዓወት ህዝብታት ኢትዮጵያ ዝተበሰረሉ፡ ንመበል 19 ጊዜ እትኽበረሉ ዕለት እዩ። ግንቦት 28፡ ህዝብታት ኢትዮጵያ ካብ ናይ 17 ዓመታት ኣዝዩ ጨካን ፋሽስታዊ ኣገዛዝኣ ስርዓት ደርጊ፡ ንሓንሳእን ንሓዋሩን ተገላልጊሎም ናይ ሰላም፣ ዲሞክራስን ልምዓትን ጉዕዞኦም ሀ ኢሎም ዝፈለሙላ ታሪኻዊት ዕለት እያ። ስለዝኾነ'ውን ኣብ ታሪኽ ህዝብታት ኢትዮጵያ ብፍሉይ ድምቀት እናተኽበረት እትነብር፡ ናይ'ዚ ሎሚ ኣብ ኢትዮጵያ እናተመዝገበ መጺኡ ዘሎ ኩሉ መዳያዊ ምዕባለ ፈላሚት ታሪኻዊት ዕለት እያ።

ህዝብታት ኢትዮጵያ ብኢህወደግ እናተመርሑ ዘካየዱዎ፡ ብዝተናውሐ ዕጥቃዊ ተጋድሎ ዝተሰነየ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ፡ ኣብ ውሽጢ 17 ዓመታት ተዛዚሙ ኢትዮጵያ ናብ ሓድሽ ታሪኻዊ ምዕራፍ ክትሰጋገር ዝበቕዐት፡ ሳላ ብቑዕ ኣመራርሓ ኢህወደግ ምዃኑ ሓቂ እዩ። ብቕዓት ኣመራርሓን ህዝባውነትን ኢህወደግ እንመዝኖ፡ ንመሰረታዊ ሕቶታት ህዝብታት ኢትዮጵያ ብዝሃቦ ቅኑዕን ዘየላጥን ምላሽ ጥራሕ ኣይኮነን። ምስ ጉዳይና ብዝተታሓሓዘ ብፍሩይ እንርእዮምን ወትሩ ኣኽብሮት እንህቦምን መለክዒታት'ውን ኣሎዉና። ንሕና ኤርትራውያን ኣንጻር ባዕዳውያን ገዛእቲ ደርብታት ኢትዮጵያ ኣብ ዘካየድናዮ ዝተናውሐ ነጻነታዊ ተጋድሎ፡ ኢህወደግ ንሕቶ ነጻነትና ብመትከል ተቐቢሉ፡ ብትምክሕተኛታት ገዛእቲ ኢትዮጵያ ዝተዋሃቡዎ ናይ ጸለመ ኣስማት ተጻዊሩ፡ ዘካየዶ ዘይሕለል ተጋድሎ እዩ። ህወሓት ኢህወደግ ኣብ'ቲ ኣዝዩ ጽንኩርን ከቢድ ዋጋ ዝሓተተ ፈታኒ ናይ ቃልሲ መድረኽ እዋን 6ይ ወራር፡ ''ሰውራ ኤርትራ ደጊም ኣኺሉዎ እዩ'' ዘበለ ሰፊሕ ምድላው ዝተኻየደሉ ወራር ቀይሕ-ኮኾብ ኣብ ምፍሻል፡ ኣብ ጎድኒ ህዝብታት ኤርትራን ጅግና ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራን ተሰሊፉ ጅግንነታዊ ተጋድሎ ብምክያዱን ከቢድ መስዋእቲ ብምኽፋሉ'ውን እዩ። ባዕዳዊ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ብናይ ሓባር ቅልጽም ኣብ ዝተቓበጸሉ ጽባሕ ድማ፡ ንልኣላውነትን ነጻነትን ሃገርና ብምቕባል፡ ህዝብታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ኢድ ንኢድ ተታሓሒዞም ኣብ ጎደና ምዕባለ ክምርሹ ዘለዎ ቅሩብነት ብምርግጋጹ'ውን'ዩ።

ትምክሕተኛ ፋሽስታዊ መንግስቲ ኢሳይያስ፡ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጎብለል ሓይሊ ንምዃንን ቁጠባ ዝተፈላለያ ሃገራት ብዘይፍትሓዊ ኣገባብ ንምዝራፍ ዝሓዞ ስትራተጂ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ከምዝሓሰቦ ከምዘይሰልጦ ብምግንዛቡ፡ ብዶብ ኣሳቢቡ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ብዝወልዖ ወራር ምኽንያት፡ መንግስቲ ኢህወደግ፡ ኣቐዲሙ ካብ ሒዙዎ ዝጸንሐ መርገጽ፡ ኣብ ሕቶ ልኣላውነትናን ነጻነትናን ሰንደልደል ከይበለ ጸኒዑ ዝቐጸለ ሓይሊ ብምዃኑ'ውን እዩ። ዝተፈላለዩ ተረፍ-መረፍ ሓይልታት ትምክሕቲ ኢትዮጵያ፡ ንጎንጺ ዶብ ኣሳቢቦም፡ እንተኾይኑሎም ንሃገርና ተመሊሶም ክጎብጡዋ፡ እንተዘይሰሊጡዎም ድማ ወደብና ዓሰብ ኣካል ኢትዮጵያ ክገብሩዋ ላዕልን ታሕትን ኣብ ዝብሉሉ ዝነበሩ እዋን፡ መንግስቲ ኢህወደግ ሕቶ ዶብ፡ ምስ ሕቶ ወደባት ዘተኣሳስር ነገር ከምዘይብሉ ብምንጻር፡ ወራር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ምፍሻልን፡ ሕቶ ዶብ ብሰላማውን ሕጋውን ኣገባብ መዕለቢ ዝረኽበሉ ኩነታት ንምፍጣር ብጽንዓት ዝተቓለሰ ዲሞክራስያዊ ሓይሊ ብምዃኑ'ውን እዩ።

ናይ ሎሚ ዓመት፡ ግንቦት 28 ኣብ ፍሉይ ታሪኻዊ ኩነታት ትበዓል ምህላዋ ከም ጸሓይ ቀትሪ ኮለል ዝበለ እዩ። ህዝብታት ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፉ 18 ዓመታት ዘዋህለሉዎ ዓቕምታት ናብ ዝበረኸ ደረጃ ከዕብዩ ዘብቅዖም፡ ሕገ መንግስቲ ሃገሮም ዝሃቦም፡ ኣብ ጉዳይ ሃገሮም ዘለዎም ናይ ምውሳን ሉኣላዊ ስልጣን ዘተግብሩሉ መበል 4ይ ዙር ሃገራውን ክልላውን ምርጫ፡ ኣዝዩ ሰላማዊ፣ ዲሞክራስያዊ፣ ፍትሓውን ነጻን ብዝኾነ ኣገባብ መራሕቶም መሪጾም ብዓወት ኣብ ዝዛዘሙሉ ጽባሕ ትበዓል ምህላዋ እዩ።

ኢህወደግ ካብ ናይ 2005.ዓ.ም. 3ይ ዙር ምርጫ ዘጋጠሞ ሕጽረት ዓብይ ትምህርቲ ቀሲሙ፡ ነብሱ ዳግም ኣመዓራርዩ፡ ኣብ ውሽጢ'ዞም ዝሓለፉ 5 ዓመታት ዘካየዶም ኩሉ-መዳያዊ ንጥፈታት፡ ብቐረባ ይኹን ኣማዕድዩ

ሓቂ ክምስክር ንዝተዓደለ፡ ኣዝዮም ርኡያት ለውጥታት እናመዝገበ ምምጽኡ ክኸሓድ ዘይክእል ሓቂ እዩ። ስለዝኾነ'ውን በዞም ዝተጎናጸፎም ርኡያት ምዕባለታት ተጠቀምቲ ዝኾኑ ህዝብታት ኢትዮጵያ ደገፎም ንኢህወደግ ብተግባር እናረጋገጹ መጺኦም እዮም። በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ ተቓወምቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ፡ ኣሎዉ ዝበሃሉ ድኽመታት ኢህወደግ እናጉልሁ፡ ኣሎዉና ዝብሉዎም ኣማራጺታት ብምቕራብ፡ ናይ ህዝብታት ኢትዮጵያ ድምጺ ንምርካብ፡ ኣብ ሰፊሕ ሰላማውን ዲሞክራስያውን ውድድር ተጸሚዶም ጸኒሖም እዮም። ኣብ'ዚ ብምኽንያት 4ይ ዙር ሃገራውን ክልላውን ምርጫ፡ ንኣዋርሕ ክካየድ ዝጸንሐ ናይ ዝተፈላለዩ ፖሎቲካዊ ሰልፍታት ውድድር፡ ምስ ልኣላውነትናን ነጻነትናን ብቐጥታ ምትእስሳር ዘለዎ፡ ምስ ጉዳይ ወደባትና ዝተኣሳሰረ ተኻሳሒ ኣጀንዳ ኣልዒሎም ምንባሮም ኩሉ ወገን ዝተኸታተሎ እዩ። ተቓወምቲ ፖሎቲካዊ ሰልፍታትን ሓይልታትን ኢትዮጵያ፡ ድምጺ ህዝብታት ኢትዮጵያ ከሲቦም ንኢህወደግ ብምስዓር፡ ፖሎቲካዊ ስልጣን ክንዓትር የኽእለና እዩ ኢሎም ብሰፊሑ ዝተዋፈሩሉ ዓብይ ኣጀንዳ "<u>ኢትዮጵያ ብሕጋውን ሰላማውን ኣገባብ ናይ ባሕሪ ኣፍደገ ክትረክብ ክንገብር ኢና</u>" ዝብል ምንባሩ ክንከታተሎ ጸኒሕና ኢና። ተቓወምቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ፡ ምስ መሰል ርእሰ ውሳኔ ህዝብታት ኤርትራን ናይ ባሕሪ ኣፍደገን ኣተሓሒዞም፡ ንኢወህደግ <u>ብክሓድነት ብምኽሳስ፡</u> ካብ ህዝብታት ኢትዮጵያ ነጺሎም ድምጺ ህዝቢ ብምኽሳብ፡ ፖሎቲካዊ ስልጣን ክጭብጡ ዘካየዱዎ ምርብራብ፡ ንውጹዓት ህዝብታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ንውድብና ሰደግኤ ድማ ብፍላይ ዘሻቕል ብምንባሩ፡ ውድብና ኣብ ደምዳሚ ኣዋጅ 5ይ-ውድባዊ ጉባኤኡ ብጉዳይ ወደባትና ኣመልኪቱ ንጹርን ዘይቅየርን መርገጺኡ ኣነጺሩ እዩ። ብኣንጻሩ፡ ፋሽሽታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ምስ መሰል ርእሰ ውሳኔ ህዝብታት ኤርትራን ወደባትናን ኣተኣሳሲሮም፡ ተቓወምቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ ዘካይዱዎ ዝነበሩ ንልኣላውነትናን ነጻነትናን ዝዳፋእ ሰፊሕን ሓደገኛን ወፈራ ኣብ ክንዲ ዝምክት፡ ኣብ ቅድመ ግንባር ተሰሊፉ፡ ኢህወደግ ድምጺ ህዝብታት ኢትዮጵያ ስኢኑ ዝሰዓረሉ ኩነታት ንምፍጣር ወፈሩ ምንባሩን ምህላዉን ንኹሉ ወገን ብሩህ እዩ።

ኣብ ሰላም፣ ዲሞክራሲ፣ ልምዓት ምስፋን መሰረታዊ ጥቕምታቶም ከምዝሕሎ፡ ካብ ተግባራዊ ተሞኩሮኦም ዝተመሃሩ ህዝብታት ኢትዮጵያ፡ ምስ ጎረባብቶም ብሰላም ሓቢሮምን ተኸባቢሮምን ካብ ምንባር ወጻኢ ናይ ተቓወምቲ ድሑርን ዝበለየን ኣጀንዳ ተሓንጊጦም፡ ናብ ዳግም ሓዊ ክሽመሙ ምርጨኦም ዘይኮነ ለባማትን ውርዙያትን ህዝብታት ኢትዮጵያ፡ ምእንቲ ሰላም፣ ዲሞክራሲን ልምዓትን ዝቃለስ፡ ንመሰል ርእሰ ውሳኔ ህዝብታት ዘለዎ ጽኑዕ መትከላዊ እምነት ብተግባር ዘረጋገጸ ኢህወደግ፡ ኣብዝሓ ድምጾም ብምሃብ፡ ንዝመጽእ ሓሙሽተ ዓመታት መንግስታዊ ስልጣን ሒዙ ከመሓድሮም ሓላፍነት ኣሸኪሞሞ ምህላዎም ብመሰረት ምርጫ ኮምሽን ዕላዊ ዝገበሮ ጊዝያዊ ውጽኢት ተረጋጊጹ ኣሎ። ኣብ ጽባሕ 4ይ ሃገራውን ክልላውን ምርጫ፡ ህዝብታት ኢትዮጵያ ድምጽና ይከበር! ሁይማን ራይትስ ዎች ድምጺ ህዝቢ ናይ ምቕያር ስልጣን የብሉን!...ወዘተ፡ ዝብሉ እዋናውያን ጭርሖታት ኣንበልቢሎም ዘካየዱዎ ድሙቕ ህዝባዊ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ኢህወደግ ንዝተጎናጸፎ ዓወት ዝያዳ ድምቀትን ህዝባዊ ተኣማንነትን ምርካቡ ዘረጋግጽን ኣብ'ዚ ምርጫ'ዚ ጎንጽን ደም ምፍሳስን ክርኢ ሃንቀው ዝብል ዝነበረ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ማይ ዓሚኹ ክተርፍ ዝገበረ ታሪኻዊ ፍጻመ እዩ። ስለዝኾነ'ውን ብምኽንያት እዛ ክብርቲ ታሪኻዊት ዕለት ግንቦት 28፡ ንመላእ ህዝብታት ኢትዮጵያ ብሓፈሻ፡ ንመሪሕነትን ኣባላትን ኢህወደግ ድማ ብፍላይ፡ እንቋዕ ኣሐጎሰኩም ክንብል ንፈቱ።

ኣብ ሕቶ ልኣላውነትናን ነጻነትናን ንካልኢት'ውን ካብ ጎኒ ህዝብታትና ተፈልዩ ዘይፈልጥ ናይ ኢትዮጵያ ህዝብታት ወያናይ ዲሞክራስያዊ ግንባር(ኢህወደግ)፡ ኣብ 4ይ ሃገራውን ክልላውን ምርጫ ብዓወት መሰስ ክብል ብዓብይ ሃንቀውታ ክትጽበዩ ዝጸናሕኩም ውጹዓት ህዝብታት ኤርትራ፣ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝኾንኩም ሓይልታት ተቓውሞን ሲቪክ ማሕበራት ኤርትራውያንን፡ ዓወት ኢህወደግ ኣብ'ዚ ምርጫ'ዚ፡ ልኣላውነትን ነጻነትን ሃገርና፡ ብኣብዝሓ ህዝብታት ኢትዮጵያ ዝሰፍሐ ተቐባልነት ምርካቡ ዘረጋገጸ ብምዃኑ፡ እንቋዕ ኣሐጎሰና ኢልና ውድባዊ ቃልና ክነመሓላልፍ እንከሎና ዝስመዓና መንፈሳዊ ርውየት ወሰን የብሉን።

*መዓልቲ ዓወትን ፈላሚት ኩሉ መዳያዊ ምዕባለን ዝኾነት፡*
*ግንቦት 28 ወትሩ ተኸቢራ ትንበር!!*
*ምሕዝነት ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ንምድልዳል ንቃለስ!!*
*ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታና!!*

*ወጻኢ ጉዳይ ቤት-ጽሕፈት፡*
*ሰውራዊ ዲሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡*
28 ግንቦት 2010